الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

# ቅልዕቲ መልእኽቲ ናብ ኩሉ ኣባል ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

## 1. መእተዊ

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንመትከላት ዲሞክራስን ግዝኣተ ሕግን ኣብ ኤርትራ ህያው ንምግባር ቀሪጹ ዝተበገሰ ውድብ ምዃኑ ኩሉ ኣባል ዝሰማማዓሉ ጉዳይ'ዩ። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ምስ ንመሰረታዊ ለውጢ ዝቃለሳ/ሱ ውድባት፥ ሰልፍታት፥ ሲቪካዊ ማሕበራት ኮነ ውልቀ ሰባት ብምትሕብባር ኩሉ ዓይነት ኣገባብ ቓልሲ ብምጥቃም ስርዓት ህግደፍ ክሳብ ሓመድ ድበ ዝለብስ ክረባራብ ምዃኑ ኣብ 2ይ ውድባዊ ጉባኤኡ ቃለ ዝኣተወሉ መትከላዊ ጉዳይ ኢዩ።

ብሓጺሩ ኤህም ኣብ ሰላም፥ ዲሞክራሲ፥ ግዝኣተ-ሕጊ ይኣምን። ሰረቱ ድማ ንሱ ኢዩ። ሰላም ነንሕድሕድካ ምክብባርን ምጽውዋርን፥ ዲሞክራሲ ናይ ኣረኣእያታት ፍልልይ ምቕባል፡ ዲሞክራሲያዊ ማእከልነት ምኽባር፡ መሰረታት ጥርዓንን ሕቶታትን ምስ ዘቕርቡ ዘዕግብ መልስታት ምሃብ፥ ግዝኣተ-ሕጊ ክነግስ ብቕዋም ምስራሕን ምቕያድን፡ ውልቃዊ ዓንዳርነት ከይነግስ ልጓም ምግባር፡ መሰል ሰብ ዘይምግሃስ ወዘተ ወዘተ ወዘተ።

ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ሰልፊ እዘን መሰረታውያን ነገራት ኣብ ውሽጡ ብግሉጽነት ክሰርሓለን እንተ ዘይኪኢሉ ኣብ ዘለዎ ጋም ማን እናበለ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ከንሻትት እንተ ዘይኮይኑ ዝኾነ ሜላታት እንተቀያየረ'ውን ንቅድሚት ክስጉም ዘይሕሰብ ኢዩ። እዘን መሰረታውያን ኣምራት ውሑስ ንምግባር ዝካየድ ቃልሲ ከቢድ ዋጋ ዝሓትት ምዃኑ ድማ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኤህም ራእዩ ኣነጺሩ ይበገስ እምበር፣ ኣብ ጉዕዝኡ ንውሽጣዊ ኩነታቱ ዝፈታትን ተርእዮታት ከጋጥሞ ጸኒሑን ኣሎን። ኤህም ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ከጋጥሞ ዝጸንሐ

ዕንቅፋታት ኩሉ ኣባል ውድብ ዝሓለፎን ዝተሞኮረሉን ስለ ዝኾነ ኣብዚ ምድጋሙ ኣገዳስነት የብሉን። ሕጂ’ውን ካብቲ ዝሓለፈ ኣሉታዊ ተሞክሮታት ጌና ዝተመሃርና ኣይንመስልን። ኣንፈቱ ዝሰሓተ ኣከያይዳ ንማንም ኣይርብሕን። ብኣንጻሩ ናይ ቃልሲ ሽውሃት ዘዳኽም ሓደገኛ ተርእዮ ኢዩ። መጀመርያ ውሽጥኻ ትፍትሽ፥ ነብስኻ ተማዓራሪ፥ መትከላት ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን ኣብ ውድብካ ብግብሪ ክትሰርሓሉ ክከኣል ኣለዎ። እዚ መትከላት’ዚ ኣብ ኩሉ ትካላዊ ኣሰራርሓ እግሪ ምስ ተኸለን ኩሉ ዝግበር መደባት ብእኡ ዝተገዝአ ምስ ዝኸውንን ኣንፈት ናይ መሰረታዊ ለውጢ ተጀሚሩ ክብሃል ይከኣል። ብቐዳምነት ለውጢ ካብ ነብስኻ ክጅምር ኣለዎ። ሓቅን ዲሞክራስን ክልተ ዘይነጻጸላ ኣምራት ኢየን። ሓቂ ብዘይ ዲሞክራሲ፡ ዲሞክራሲ ብዘይ ሓቂ (ግሉጽነት) ነጻጺልካ ከተተግብሮ ኣይከኣልን። እንተተፈቲኑ ኸኣ ውጽኢቱ ከምዚ ንርእዮ ዘሎና ስርዓት ኣስመራ፤ ስርዓት ህግዲፍ ጥራሕ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

ብዘይ ቃል-ዓለም ናይ ምጽውዋር ባህሊ ኣብ ውሽጥና ጎዲሉ ኣሎ። ሓድነት ዝጸልእ ወላ ሓደ ሰብ የለን። እቲ ዝጽላእ ዘሎ ሕጋዊ ኣገባብ ዘይተኸተለን ውሽጥኻ ከይቀርዓኻን መሰረታትካ ከየስጠምካን፤ ኣይፋል እንዳበሉካን ኣብየቱታኦም እንዳስምዑን ዝግበር ሓድነት ኣብ መወዳእትኡ ውሕስነት የብሉን። ብግብሪ እውን ንደምበ ተቓውሞ ዘሳቐየ ኣሉታዊ ተሞክሮ ስለ ዘሎ ካብኡ ክንምሃር ይግባእ። ጌና እቲ መስርሕ ኣይተወደአን ክብሃል ይከኣል ይኸውን። ዝኾነ ምኽንያት ይውሃቦ፥ ሕጋዊ መልክዑ ክሳብ ዘይሓዘን፥ ምሉእ ዕግበት መሰረታት ክሳብ ዘይተጠረን ዝግበር ሓድነት ውሑስ ኣይከውንን። ካብ ጥቕሙ ከኣ ክሳርኡ ይዓቢ።

2. <u>ጉዳይ ሓድነት</u>

ኤህም ንጉዳይ ሓድነት ከም ሜላ ዘይኮነስ ብመትከል ኣብ ምክብባርን ምጽውዋርን ሰረት ዝገበረ፥ ንሰላም፡ ንዲሞክራሲን ንግዝኣተ- ሕጊን ዝቕበል፥ ሓድነት ምስ 2ተ ሰልፍታት ጥራሕ ዘይኮነስ ምስ ኩሉ ደንበ ተቓውሞ ክግበር ከም ዘለዎ ኤህም ይኣምን። ብዓቢኡ ድማ ካብ ድሑርን ፈላላይን ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት ዘለዎ ኣተሓሳስባታት ስርዓት ህግደፍ ሓራ ብምኻን ንምሉእ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዘሳትፍ ሓድነት ኢዩ ዝምረጽ። ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዝቐንዓ ሓበራዊ ናይ ሓፋሽ ቃልሲ ክሳብ ዘይተበራበረን ዘይተማልአን መሰረታዊ ለውጢ

ክጭበጥ ከም ዘይከኣል ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣምን። ስለ ዝኾነ ከኣ ጉዳይ ሓድነት ንኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ መትከላዊ ሕቶ'ዩ። ነዚ ክውን ንምግባር ኤህም ኣብ መሰረታት ሰረት ዝገበረ ሓድነት ይቅበልን ብግብሪ ከይተሓለለ ይሰርሓሉን።

ነዚ ንኽውሕስ ኢዩ ድማ ማእከላይ ባይቶ ካብ 21 ክሳብ 23 ሕዳር 2008 ዝተኻየደ 2ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ንኣተሓሕዛ ጉዳይ ሓድነት እዚ ዝስዕብ ናይ ስራሕ ቅጥዒ ዘውጸኣሉ። ንሱ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ነይሩ፡- ንጉዳይ ሓድነት ኣብ 2 ሰልፍታት ጥራሕ ዝተሓጽረ ዘይኮነስ ንኹሉ ርሑው ኮይኑ፡-

ሀ/ ርክብ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዝግበር

ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዘለው 2 ፈጸምቲ ሽማግለን ኣቦ መምበርን

ለ/ ኣብ ሱዳን ምስ ዝኸውን - ምስቶም 2 ማእከላይ ባይቶን ኣቦ መምበርን

ሐ/ ኣብ ኤውሮጳ ምስ ዝኸውን - ምስቶም 2 ፈጸምቲ ሽማግለን ኣቦ መምበርን ካብቶም ክልተ ሓደ ምስ ዘይጥዕሞ ኣቦ መምበር ካብቶም ኣብ ኤውሮጳ ዘለው ማ/ባይቶ ሓደ ይመዝዝ

መ/ ኣብ ሰ.ኣሜሪካ ምስ ዝኸውን - ምስቶም 2 ኣባላት ማእከላይ ባይቶን ኣቦ መምበርን

እዚ ንኣመዓባብልኡ ዝምልከት ኮይኑ ኣብ ናይ መጨረሻ መልክዑ ምስ በጽሐ እቲ ጉዳይ ናብቲ ሓላፍነት ዘሸከሞ ሕጋዊ ኣካል ተመሊሱ ብኣወንታ ድዩ ብኣሉታ ኩሉ ጕድንታቱ መዚኑን ውሽጣዊ ኩነታቱ ገምጊሙን ዝውሰኽ ወሲኹ ወይ ዝጎድል ኣጉዲሉ ሕጋውነት የልብሶ። ድሕሪኡ በቲ ሰንሰለታዊ መስመሩ ናብ መሰረታቱ ከኣ የውርዶ። እዚ ኣገባብ ዘይተኸተለ መስርሕ ሓድነት ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዝውሰድ ውሳኔ ሕጋውነት የብሉን። ሕጋውነት ዘልብሶ ማእከላይ ባይቶ ውድብ ጥራሕ ኢዩ። ቅድም ማ/ባይቶ ድምጹ ዘይሃበሉ ብጎድኒ ብሃታ ሃታ ተለ-ኮንፈራንስ ገይረ ገለ መሰረታት/ ተራ ኣባላት ተቐቢሎሞ እንተ ተባህለ እውን ሕጋውነት ክህልዎ ኣይክእልን።

ማ/ባይቶ ምእካብን ምስ ዝተፈላለዩ ተራ ኣባላት ኮነ ሓለፍቲ ጨናፍር ተለ-ኮንፈራንስ ምክያድን ክልተ ዝተነጻጸለ መስርሕ ኢዩ። ሓደ ኢዩ ዝብል ምጉት ብመሰረቱ ጉጉይ ኢዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ቅኑዕ እንተኾይኑ ኣብ ጉባኤ ማእከላይ ባይቶ ምምራጽ ኣድላይነት'ውን የብሉን።

ክቡራት ኣባላት ኤህም ኣብዚ ጊዜ'ዚ ብምኽንያት ምስ 2 ሰልፍታት ዝግበር ናይ ሓድነት መስርሕ በዞም 3ተ ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ብጾት (ኣቦ መምበር ኣድሓኖም ገረማርያም፡ ኢሳያስ ኣስፍሃን ዮናስ ገብረኣምላኽን) ብዘይ ኣፍልጦ ማእከላይ ባይቶ ንነብሶም ልዕሊ ቅዋም ውድብ ሰሪዮም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝገበርዎ ጉጅላዊ ኣኼባን ዘሕለፍዎ ውሳኔታትን ዘውጽእዎ ሓድሽ ውድባዊ ቅርጽን ካብ ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ውድብና ወጻኢ ስለ ዝኾነ ሕጋውነት የብሉን። ንሱ ዝፈጠሮ ሃንፍ ድማ እነሆ ውድብ ሓሚሙ ይርከብ።

3. ናይቲ ሽግር ቀንዲ መንቀሊ ድማ፡-

1. መሰል ማእከላይ ባይቶ ጥሒስካ ዝተወሰደ ውሳኔ ብምኻኑ
2. 3ተ ኣባላት ፈጸምቲ ቤት ጽሕፈት ንምሉእ ማእከላይ ባይቶ ጥራሕ ዘይኮነስ ምልኣት ፈጸምቲ ቤት ጽሕፈት እውን ዘየማልአ ብምኻኑ
3. ኣብ ርእሲ'ቲ ሕጋውነት ዘይለበሰ ውሳኔ ኣብ ምቛም ዝተፈላለያ ሽማግለታት ዝተፈለ ርእይቶ ንዝቕረቡ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ብምግላል ዝተገብረ ምደባ ጉጅላዊ ብምኻኑ
4. ብጨንፈር ደረጃ ኣብቲ ዝኽይድ መስርሕ ሓድነት ንዘለዎም ስክፍታን ሕቶን ንዝቕረቡ ጎሲኻዮም ብምሕላፍ
5. ኣብ ኩሉ ቦታታት ዝረአ ዘሎ ዘርጠብ-ጠብ ናይ ኣባላት እዚ ዝፈጠሮ ምኻኑ ብምስትብሃል።
6. እቶም ኣብ ምውህሃድ ናይ ሓድነት ብ3ተ ፈጸምቲ ቤት ጽሕፈት ጥራሕ ተመዚዝኩም ዘሎኹም ብጾት ሕጋዊ ኣሰራርሓ ውድብ ዝጎደሎ ውሳኔ ሕጋውነት ስለ ዘይብሉ፥

ንውድብ ክትውክሉ ከም ዘይትኽእሉ እናሓበርና፣ ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ ኣብ ውድብ ተላዒሉ ዘሎ ቅልውላው መሊስኩም ነዳዲ ትኽዕውሉ ከም ዘሎኹም ነፍልጥ።

ሕጂ ናብ ሓድነት ንእቶ ዝበሉ ብጾት ኩሎም እኳ እንተዘይበልና ገለስ ሕጋውነት ዝጎደሎ ኣከያይዳ ጉዳይ ሓድነት ሃንፍ ከም ዘለዎ ዝኣምኑን ስክፍታታት ከም ዘለዎም ሓደሓደ ግዜ እውን ካብ ኣፎም በጨቕ ከብሎም እንከሎ ንሰምዖም ኢና። ከም ኣማራጺ ዘቕርብዎ ከኣ ካብ ነንበይንኻ ተካይዶ ቃልሲ እሞ ክሳብ ሕጂ ሓንቲ ፍረ ዘይተረኽቦ ኣብቲ ሓድነት ናይ 2ተ ሰልፍታት ኣቲኻ ገለ እንተ ተገብረ ይሓይሽ ካብ ዝብል ቅዱስ ዕላማ ዝተበገሰ ምኳኑ መብርሂ ይህብሉ ኢዮም። ጽቡቕ ርእይቶ ንሕና'ውን ካብዚ ዝተፈለ ርእይቶ የብልናን። <u>ፍልልይና ቅዋማውን ሕጋውን ኣከያይዳ ቀዳማይ ቦታ ይሓዝ፣ መሰረታትና ኣይንግደፍ ኢና ንብል ዘሎና።</u> እዚ ናይ መትከል ጉዳይ ኢዩ። ከምቲ ከልቢ ኣብ ኣፉ ዓጽሚ ሒዙ ገምገም ቀላይ እናኸደ ጽላለቱ ኣብቲ ቀላይ ምስ ረኣየ ነታ ኣብ ኣፉ ዘላ ረሲዑ ዘሊሉ ንቀላይ ምስ ኣተወ ነታ ናይ ኣፉ'ውን ዝሰኣና ከይከውን ኢዩ ቀንዲ መበገሲና። እዚ ኣረኣያታት'ዚ ኣብዘን 2ተ ነጥቢ ክጠቓለል ይኽእል፡-

1. ሓድነት ውድብካ ከይዓቀብካ፡ መሰረታትካ ካባኻ እናተረፉ ዝእቶ ሓድነት ንውሽጣዊ ውድብካ ጥራሕ ዘይኮነስ ነተን 2ተ ሰልፍታት እውን ምስ ሕማምካ ትጽንበረን ስለ ዘሎኻ ይሃስየን ዶ የርብሐን??

2. ውሽጥኻ ቀርዒኻ፡ ኣባላትካ ኣዕጊብካ ብሓበራዊ ውሳኔ ትኣትዎ ሓድነት የድምዕዶ?

ብወገና ብኹሉ መኣዝኑ ክንመዝኖ ከሎና እንኮ መድሃኒት እዛ ኣብ ቁጽሪ 2ተ ዘላ ንመረጽ። ውሽጣዊ ኩነታትካ ኣተዓራሪኻን መሰረታትካ ኣዕጊብካን ቀስ ኢልካ ኣብ ዝቕጽል መስርሕ ክእቶ ከም ዝክኣል ንኣምን። በዚ መንፈስ'ዚ ስለ ንግዝእ ኢና ድማ እቲ ኩነታት ምስ ተረአ ብኣግኡ መፍትሒ ክግበረሉን ቀዳምነት ውሽጥና ክንሰርዕ ስለ ዘሎና ነዚ ጉዳይ ግቡእ ፍታሕ ከይተገብረ ዝመጽእ ሓድነት ውሑስ ስለ ዘይከውንን፣ ብዓቢኡ ንውድብ ናብ ሓደጋ ዘውድቕ ምኳኑ ብምስትብሃል ቀዳምነት

ውድብና ክነጽርን ካብ ምብታን ሓደጋ ክነድሕኖ ግደታዊ ሓላፍነት ስለ ዘሎና ዝተፈላለየ ጽሑፋት ንዝምልከቶ ኣካል ክሕበር ጸኒሑ። ብተለፎን ኣብ ዝገበርናዮ ዝርርብ ዝውሃበና ዝነበረ ዘይሓላፍነታዊ መልሲ ካብ በሃሊኡ ደጋሚኡ ስለ ዝኾነ ኣብዚ ክንደግሞ ኣይንመርጽን። ንዝቐርብ ዝነበረ ሓላፍነታዊ ሕቶታት ሚዛን ስለ ዘይተዋህቦ ውድብና ኣብ ቃራና መንገዲ ኣትዩ ይሕመስ ከም ዘሎ ተገንዚብና። ኩሉ ኣባል ክፈልጦ ኣለዎ ዝብል መድምደምታ ስለ ዝተበጽሐን፥ ጉባኤ ዘሸከመና ሓላፍነት ብምጥቃም በዛ ቅልዕቲ መልእኽቲ ኩነታት ውድብ ንሕብር ኣሎና። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ ምፍታሕ ሽግራት እጃሙ ከበርክት ድማ ደጊምና ንጽውዕ። መሪሕነት ኣገልጋሊ እምበር ፍጹም ገባርን ሓዳግን ክኸውን ኣይነፍቅድን።

ነቲ ኣገባብ ዘይተሰማማዕናሉ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ!

ዓወት ወይ ሞት!

ጥቕምቲ 17፡ 2009